# Grenfell Tower community update: September 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ማሕበረሰብ ሓድሽ ሓበሬታ: መስከረም 2026**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቕ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እቲ መሬት ንስድራቤታት ክቡር ምዃኑን ንፈልጥ ኢና።

ነቲ ታወር ብጥንቃቐ ኣብ ምውራድ ንሰርሖ ስራሕ ክነፍልጠኩም ንደሊ።
ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ብዝያዳ ኽትምሃር ትኽእል ኢኻ፡-

- **ብዛዕባ ኣቢራ ሓመድ፣ ምንቅጥቃጥን ድምጺን ዝምልከት ሓበሬታ ምክትታል**
- **ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ**
- **ከመይ ጌርኩም ምሳና ትዘራረቡ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረኽቡ**

ሕሉፍ ሓበሬታታት ኣብዚ ምርኣይ ይከኣል: www.gov.uk/grenfell-community-updates

## ብዛዕባ ኣቢራ ሓመድ፣ ምንቅጥቃጥን ድምጺን ምክትታል ሓበሬታ

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ሳይት ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ በታ ቀጻሊ ናይ ኣበራ ሓመድ፣ ምንቅጥቃጥ፣ ከምኡውን ናይ ድምጺ ብኽለት ዝእክብ መቆጻጸሪታት ኣለዉ። እቲ ሓበሬታ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እቶም ናይ ቀረባ እዋን ጸብጻባት ንምርኣይ፡ ኣብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሊንክታት ጠውቑ፡-

[ናይ ኣበራ ሓመድ መቆጻጸሪ ጸብጻብ ካብ ሰነ 29 ክሳብ ነሓሰ 26 2026]
[ናይ ምንቅጥቃጥ መቆጻጸሪ ጸብጻብ ካብ ሰነ 29 ክሳብ ነሓሰ 26 2026]
[ናይ ድምጺ ብኽለት መቆጻጸሪ ጸብጻብ ካብ ሰነ 29 ክሳብ ነሓሰ 26 2026]

ናይ እንግሊዝ ሕክምናዊ ድሕነት ኤጀንሲ (UK Health Security Agency - UKHSA) ኣብ ከባቢ ግሬንፌል ታወር (Grenfell Tower) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ነቲ ናይ ኣየር ጽርየት ክከታተሎን ክግምግሞን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ድማ ጸብጻባቱ የብጽሕ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤
[ናይ ከባቢ ምክትታል ድሕሪ ሓዊ ግሬንፌል ታወር - GOV.UK]

## ናይ ጥዕናን ድሕነትን ደገፍ

ምስ ዝኾነ ሰብ ክትዛረቡ እንተደሊኹም፡ እቲ ናይ ግሬንፌል ጥዕናን ድሕነትን ኣገልግሎት (Grenfell Health and Wellbeing Service) ንህጻናትን ዓበይትን ዝኸውን ናጻን ውልቃዊ ዝኾነ ናይ ሃገራዊ ጥዕና ኣገልግሎት (NHS) ኣገልግሎት እዩ። ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ እንተድኣ ኣድልዩካ

ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ካብ ሞት ዝደሓኑን ኣብ ቀረባ ማሕበረሰብ ንዝርከቡ ነበርትን ኣብ ምሉእ እቲ ንግሬንፌል ታወር (Grenfell Tower) ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ ስምዒታውን ኣካላውን ድሕነት ይቕጽል። ምስ ሓደ ሰብ ክትዘራረብ እንተደሊኻ፡ትኽእል ኢኻ፤

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት Grenfell Wellbeing ብ 020 8637 6279 ደውሉ (8am ክሳብ 8pm፡ መዓልታዊ)
- ኣብ ህጹጽ ግዜ ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS Foundation Trust’s (Call Central and North West London, CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ክፉት እዩ፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት)
- ኢመይል፡ grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk ተወከሱ

ብዛዕባ ዘለዉ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.grenfell.nhs.ukተወከሱ

## ከመይ ጌርካ ምሰና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ሓበሬታ ክነካፍል ንደሊ።  ቀጻሊ ሓበሬታታትን ሓድሽ ዜናታትን ኣብዚ ክንካፈል ኢና፡- www.gov.uk/grenfell-community-updates

ብኽብረትኩም በዚ ኢመይል ግበሩልና: GrenfellTowerSite@communities.gov.uk  ን:

- ምስ ኩላትና ወይ ድማ ምስቲ ቀንዲ ኮንትራክተር ናይ ግሬንፌል ታወር (Grenfell Tower) ቦታ ዝኾነ ዲሲዩኬ (DCUK) ንምዝርራብ መደብ ግበሩ።
- እቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምፍራስ ኣብ ዝካየድ ስራሕ ዘለኩም ዝኾነ ይኹን ሕቶታት ሕተቱና ወይ ድማ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል እውን ንክንሰደልኩም ክትሓቱና ትኽእሉ።
- ምሳና ኣብ ዘለኩም ርክብን ተሳትፎን ዘለኩም ርእይቶ ወይ ሓሳብ ክትካፈሉና ትኽእሉ ኢኹም። ሓሳባትኩም ብሓጎስ ንቕበል ኢና።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ’ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ኪዱ ወይ ድማ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሩ።